# ሓበሬታ

## ንሓደሽቲ ናብ ሃገር ሽወደን








Språk: Tigrinja
Förvaltning: Sociala Resursförvaltningen
Enhet: Invandrarservice

Malmö stad

# ህዝባዊ-ምዝገባ - FOLKBOKFÖRING

ኣብ ሽወደን ንኽትነብር፡ *ኣብቲ ህዝባዊ-መዝገብ (folkbokföringen)* ዝተመዝገብካ ክትከውን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ሽዑ ድማ ናይ መንነት ቁጽሪ (ፐርሾን-ኑመር) ክወሃበካ እዩ። ፓስፖርትኻን ናይ መቐመጢ-ፍቓድ ከም ዝተዋህበካ ዚምስክር ሰነዳትን ሒዝካ፤ ናብቲ *ቤትስልጣን ግብሪ* (Skatteverket) ኪድ።ናይ *ቃልኪዳን መረጋገጺ፡ äktenskapsbevis* ከምኡውን ደቅኻ ናይ *ዝተወለዱሉ ዕለት ዘረጋግጽ ሰነዳት födelsebevis* ምሳኻ ምስ ዚህሉ ድማ፤ ተማሊእካ ምኻድ ኣይትረስዕ።

ብዙሓት መሰላትን ግዴታትን ኣብ ሽወደን፤ ምስቲ ኣብ ህዝባዊ-መዝገብ ጽሑፍ ምዃንካን፤ ኣበይ ቦታ ከም እትቕመጥን ዝተኣሳሰረ እዩ። ንኣብነት ትምህርቲ ሽወደን ንወጻእተኛታት (SFI) ኣብ ማልመ ክትመሃር ንኽትክእል፤ ኣብ ህዛባዊ-መዝጉብ ናይ ማልመ ድማ ዝተመዝጉብካ ክትከውን ይግባእ።

በቲ እትቕመጠሉ ቤት መሰረት፤ ብኡ ድማ ኣብ ህዝባዊ-መዝገብ ዝተመዝገብካ ክትከውን ይግባእ። ናብ ሓድሽ ኣድራሻ ኣብ ትቕይረሉ ጊዜ ድማ፤ ናብ ቤት ስልጣን ግብሪ (Skatteverket) ክተመልክት ይግባእ።

## ቤትስልጣን ግብሪ - Skatteverket

| | |
|---|---|
| *ኣድራሻ፡-* | Kattsundsgatan 7 |
| *ቴሌፎን፡-* | 0771 - 567 567 |
| *ዚኽፈተሉ ሰዓታት፡-* | ሰኑይ፡ ሰሉስ፡ ረቡዕ፡ ዓርቢ 10:00 - 16:00<br>ሓሙስ 10:00 - 18:00 |
| *ኣብዚ ብዝያዳ ኣንብብ፡-* | www.skatteverket.se/privat/folkbokforing/flytta/flyttatillsverige |

## ናይ መንነት-ወረቐት - LEGITIMATION

ንስኻ መን ምዃንካ ንምርግጋጽ ክትክእል፤ ናይ ሽወደን ናይ *መንነት-ወረቐት* ክህልወካ የድሊ። ናይ መንነት ወረቐት፡ ኣብ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ኩነታት ክድልየካ ይኽእል'ዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ሓደ ናይ ባንክ ቤትጽሕፈት ክትከይድ ወይ ኣብ ሓኪም ክተርእ ከሎኻን እዩ። ኣብቲ ናይ ሽወደን ናይ መንነት-ወረቐት፤ ናትካ ናይ መንነት ቁጽሪ (ፐርሾን-ኑመር) ውን ተጻሒፍዎ ይርከብ። ብዙሕ እዋን፡ መንነት-ወረቐትካ ክተርኢ ምኽኣል፤ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

እቲ ናይ መንነት-ወረቐት ዚበሃል፤ ከም ናይ መዘወሪ-ፍቓድ ወይ ናይ መንነት-ወረቐት (ID-kort) ማለት'ዩ።

**ቤትስልጣን ግበሪ ናይ መንነት-ወረቐት (ID-kort) ንኽህበካ፤ ነዞም ዚስዕቡ ነገራት ክተማልእ ይግበኣካ፡-**

- ቅድሚ ናብ ቤትስልጣን ግብሪ ምምጻእካ ነቲ ዚኽፈል ገንዘብ ምኻፍል
- ናብቲ መንነት-ወረቐት ዘዳሉ ቤትጽሕፈት ቤትስልጣን ግብሪ ምብጻሕ
- ንስኻ መን ምዃንካ ዘረጋግጽ ናይ መቐመጢ-ፍቓድ ካርድ ክተርኢ ምኽኣል
- ኣብ ህዝባዊ-መዝገብ ሽወደን ዝተመዝገብካ ምዃን እዩ።

### ቤትስልጣን ግብሪ - Skatteverket

| | |
|---|---|
| *ኣድራሻ፡-* | Kattsundsgatan 7 |
| *ቴሌፎን፡-* | 0771 – 567 567 |
| *ዚኽፈተሉ ሰዓታት፡-* | ሰኑይ፡ ሰሉስ፡ ረቡዕ፡ ዓርቢ 10:00 - 16:00<br>ሓሙስ 10:00 - 18:00 |
| *ኣብዚ ብዝያዳ ኣንብብ፡-፡* | www.skatteverket.se/privat/idkort |

## ቤትስልጣን ውሕስነት-ካሳ - FÖRSÄKRINGSKASSAN

ካብ *ቤትስልጣን ውሕስነት-ካሳ* (*Försäkringskassan*) ገለ ዓይነት ሓገዝ ክትረክብ መሰል ምስ ዚህልወካ፤ ናብኡ ኬድካ ክትምዝገብ ይግብኣካ። ኣቐዲምካ ግን፡ ናይ መንነት-ቁጽሪ ክህልወካ ይግባእ። ንኽትምዝገብ ኣብ ትኸደሉ ጊዜ፤ ቅዳሕ ናይቲ መቐመጢ-ፍቓድ ውሳኔ ዝረኸብካሉ ጽሑፍ፤ ምሳኻ ተማሊእካ ኪድ።

**ካብ ቤትስልጣን ውሕስነት-ካሳ ካብ ዚርከቡ ናይ ገንዘብ ሓገዛት ኣብነታት፡-**

### ሓገዝ ክራይ-ገዛ - Bostadsbidrag

ሓገዝ ክራይ-ገዛ፡ ንዓኻ ክራይ ገዛኻ ክትከፍል ዚጽግመካ ሰብ ዚወሃብ ሓገዝ እዩ። ስራሕ-ኣልቦ ምስ ትኸውን፡ እሞ ምስ ደቅኻ ሓቢርካ እትነብር ሰብ ምስ ትኸውን፤ ሓገዝ ክራይ-ገዛ ንምርካብ ክተምልከት ትኽእል ኢኻ። ገዛ እንተ ቑይርካ፡ ኣባላት ስድራቤት እንተ ወሲኽኩም፡ እቶትኩም እንተ ወሲኹ ወይውን ትኸፍልዎ ክራይ ምስ ዚልወጥ፤ ንውሕስነት-ካሳ ሓበሬታ ምሃብ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር'ዩ። ካብ ዚግበኣካ ንላዕሊ ሓገዝ ክራይ-ገዛ ምስ ትቕበል፤ ነቲ ገንዘብ ክትመሶ ክትግደድ ኢኻ።

### ሓገዝ ስለ-ቖልዓ - Barnbidrag

ኣብ ውሕስነ-ካሳ ምዝጉብ ምስትኸውን፤ ናይቶም ትሕቲ 16 ዓመት ዘለዉ ደቅኻ፤ መቐመጢ ፍቓድ ምስ ዚህልዎም፤ ሓገዝ ስለ-ቖልዓ ክወሃበካ እዩ። ነቲ ቖልዓ ናብ ውሕሰነት-ካሳ ምስ ኣመዝገብካዮ፤ እቲ ሓገዝ ስለ-ቖልዓ ብቐጥታ'ዩ ክኽፈለካ ዚጅምር።

### መተካእታ ቀልብ-ቆልዓ - Underhållsstöd

ተፋቲሕኪ ምስ ውላድኪ ትቕመጢ ምስ ትኾኒ፤ እቲ ምካልኣይ ወላዲ ቀለብ-ቆልዓ ክኸፍል ይግብኦ እዩ። እቲ ካልኣይ ወላዲ ቀለብ-ቆልዓ ክኸፍል ምስ ዘይክእል፤ ካብ ውሕስነት-ካሳ ሓገዝ ይወሃበኪ እዩ። እቲ ካልኣይ ወላዲ ምዉት ምስ ዚኸውን፤ ካብ ቤትስልጣን ጡረታ (Pensionsmyndigheten) ሓገዝ ይግበረልኪ።

### ደሞዝ-ወላድነት - Föräldrapenning

ሕጻናት ቆልዑ ዘሎዉዎም ወለዲ፤ ደሞዝ ወላድነት (föräldrapenning) ክወስዱ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ገዛኻ ኴንካ ውላድካ ኣብ ትኣልየሉ ጊዜ፤ ደሞዝ-ወላድነት ይወሃበካ እዩ።

### ቤትስልጣን ውሕስነት-ካሳ - Försäkringskassan

| | |
|---|---|
| *ኣድራሻ፡-* | Kattsundsgatan 7 |
| *ቴሌፎን፡-* | 0771 - 567 567 |
| *ዚኸፈተሉ ሰዓታት፡-* | ሰኑይ፡ ሰሉስ፡ ረቡዕን ዓርብን 10:00 - 16:00<br>ሓሙስ 10:00 - 18:00 |
| *ተወሳኺ ኣንብብ፡-* | www.forsakringskassan.se |

# SFI - ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛታት

SFI - ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛታት ዚበሃል፣ ንዓበይቲ ወጻእተኛታት ዚወሃብ መሰረታዊ ናይ ሽወደን ቋንቋ ትምህርቲ እዩ። እቲ ዕላማ ድማ፡ መታን ፍልጠት ቋንቋ ሽወደን ረኺብካ ክትሰርሕን፡ ህይወትካ ውን ክትመርሕን ተባሂሉ እዩ።

ኣብ ማልመ *ህዝባዊ-መዝገብ* ዝተመዝገብካ፣ ቋንቋ ሽወደን ክትዛረብ፡ ክተንብብ ወይ ጽቡቕ ክትጽሕፍ ምስ ዘይትኽእል፣ ትምህርቲ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛታት (SFI) ክተመሃር መሰል ኣሎካ። ጽቡቕ ቋንቋ ኖርወይ ወይ ቋንቋ ዳንማክር ትኽእል ምስ ትኸውን፡ SFI ክትምሃር ኣይፍቀደልካን እዩ።

SFI ክትመሃር ትደሊ ምስ ትኸውን፣ ምስ Invandrarservice ርክብ ግበር።

ብዛዕባ SFI ዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ኣሎ፡- www.malmo.se/sfi

## መላለዪ ምስ ሕብረተሰብ - SAMHÄLLSORIENTERING

ኣብዚ ሃገር ሓድሽ ብምዃንካ፣ ኣብ ገለ ኩነታት መላለዪ ሕብረትሰብ ዝኾነካ ትምህርቲ ክትረክብ ይክኣል'ዩ። ትሕዝቶ ናይቲ ትምህርቲ ድማ፣ ንዓኻ ሓድሽ ዝኾንካ ሰብ፣ ብዛዕባ ሽወደን ሓበሬታ ንምሃብ እዩ። ንኣብነት ብዛዕባ ስራሕ፡ *መቐመጢ-ገዛ*፡ ሕጋጋት፡ ክንክን-ሕማም ከምኡውን ሃገር ሽወደን ብኸመይ ከም ትካየድ ክትመሃር ትኽእል ኢኻ። ትምህርቲብዛዕባ መላለዪ ሕብረተሰብ ክትመሃር ትግደስ እንተ ኾንካ፣ ምስቶም Invandrarservice ርክብ ግበር።

ዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብብ፡- www.malmo.se/Ny-i-Sverige

# ቤትስልጣን መራኸብቲ-ስራሕ - ARBETSFÖRMEDLINGEN

ኣብ ቤትስልጣን መራኸብቲ-ስራሕ ብዛዕባ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታታት ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ። ከም ደላይ ስራሕ መጠን፡ ኣብዚ ብዛዕባ ናይ ሞያ ትምህርቲታት፡ ብዛዕባ ስራሕን ናይ ልምምድ ቦታ-ስራሕን ብኸመይ ከም ተናዲ፤ ብዙሕ ደገፍን ኣገልግሎትን ክትረክብ ኢኻ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ርአ፡- www.arbetsformedlingen.se ወይውን ኣብ 0771- 416 416

ቁጽሪ ስልኪ ደውል።

ስደተኛታት ብፍላይ፡ ምስ "**Arbetsförmedlingen Integration**" ኣብዚ Amiralsgatan 13 ዚተባህለ ኣድራሻ ኬድኩም፤ ምስኣቶም ርክብ ግበሩ።

ከም ሓድሽ ስደተኛ ብምኳንካ፤ ካብቶም ነንበይኖም ኣብያተጽሕፈታት፤ ምስቲ ቅድሚ ሕጂ ትሰርሓሉ ዝነበርካ ብዝበለጸ ዝሰማማዕ ዓይነት ቤትጽሕፈት መሪጽካ ርክብ ግበር። ኣቐዲምካ ሰሪሕካ ዘይትፈልጥ ምስ ትኸውን ግን፤ ብዝበልጸ ይሰማማዕኒ'ዩ ምስ ዝበልካዮ ዝኾነ ቤትጽሕፈት ርክብ ግበር።

## ቤትስልጣን መራኸብቲ ስራሕ - ኣገልግሎታት "Arbetsförmedlingen Service"፤ ኣብ ኣድራሻ Kungsgatan 6

ዓይነት ስርሓት፡- ንግድን/መሸጣን፡ ሆቴልን/ቤትምግብን፡ ኣገልግሎት-ዓመውል

## ቤትስልጣን መራኸብቲ ስራሕ - ቴክኒክ "Arbetsförmedlingen Teknik" ኣድራሻ ኣብ Storgatan 5

ዓይነት ስርሓት፡- ሕንጻ፡ ምንጪ ሓይሊ-ኤሌትሪክ፡ ግራፊካዊ-ሞያ፡ ሓበሬታ-ቴክኖሎጂ፡ ክንክን-ህጻናት፡ ክንክን-እንስሳታት/ሕርሻ/ጀርዲን፡ ስነ-መግቢ/ቤት-ዕዮ መግቢ/ጽሬት/ ምጉሓፍ/ሓለዋ-ጽሬትን፡ ቴክኒክ-ስኒ፡ ምጉዓዓዝን/መኽዘንን፡ ጋራጅን/ቴክኒካዊ -ምትዕርራይን

## ቤትስልጣን መራኸብቲ-ስራሕ - ክንክንን ምምሕዳርን "Arbetsförmedlingen Vård och Administration, Södra" ኣድራሻ ኣብ Förstadsgatan 35

ዓይነት ስራሕ፡- ስራሕ ኢንሹራንስን ባንክታትን፡ ጠበቓታት፡ ቤትጽሕፈትን ምምሕዳርን፡ መምህር፡ ህዝባዊ ምምሕዳራት፡ ክንክንን-ሓልዮትን።

**ቤትስልጣን መራኸብቲ ስራሕ - Arbetsförmedlingen**

*ኣድራሻ ኢንተርነት፡-* www.arbetsformedlingen.se

*ቴሌፎን፡* 0771 - 416 416

# ልቓሕ ኣቕሑ-ገዛ - HEMUTRUSTNINGSLÅN

ልቓሕ ኣቕሑ-ገዛ ዚበሃል፤ እቲ ንገዛ ዘድልዩኻ ኣቕሑት ንምግዛእ ክትልቅሖ እትኽእል ገንዘብ እዩ። እዚ ንዓኻ ንስደተኛን፤ ንኣዝማድ ናይ ስደተኛን ዚፍቀድ ልቓሕ ገንዘብ እዩ። እቲ ልቓሕ፡ ካብ ”CSN” ዘበሃል ትካል ኢኻ ትቕበሎ። ምስ ”Invandrarservice” ርክብ እንተ ደኣ ጌርካ፤ ብዛዕባ’ቲ ልቓሕ ኣቕሑ-ገዛ ክንሕግዘካ ኢና።

- ነቲ ብዝሒ ልቓሕ ዚውስኖ፤ ብዝሒ ኣባላት ናይቲ ስድራቤትን እቲ ገዛ ብናትካ ኮንትራት ወይ ብ2ይ ዝካረ ወይ ምስ ሰብ ተላፊንካ እትነርብረሉ ገዛ ምዃኑን እዩ።
- ከም ኣባላት ስድራቤት ዝቕጸሩ፤ ሰብኣይካ፡ ሰበይትኻ፡ ሓቢሮም-ዝነብሩ ልቓሕ ንምቕባል ፍቓድ ዘሎዎም ስደተኛታት፤ ከምኡውን ትሕቲ 21 ዓመት ዝኾኑ ምስኻ ዚቕመጡ ውላድካን እዮም።
- እቶም ሰብኣይን ሰበይቲን/ሓቢሮም ዝነብሩን፤ ነቲ ዕዳ ናይ ምኽፋል ናይ ሓባር ሓላፍነት እዩ ዘሎዎም። እዚ ሓላፍነት’ዚ፡ ዋላ እንተ ተፋታሕካ ዚምልከተካ ዕዳ እዩ።
- ንልቓሕ ኣቕሑ-ገዛ ምልክታ ንምእታው፤ ኣቐዲምካ ኣብቲ መቐበል ኢጋይሸ ናይ ”Invandrarservice” ብስልኪ ቑጽሪ 34 19 94 ደዊልካ ቆጸራ ምግባር የድልየካ።

ንዝያዳ ሓበሬታ፡- www.csn.se/hemutrustningslan

# ምልክታ ንቅድመ-ትምህርቲ (መዋዕለ-ሕጻናት)

## ANMÄLAN TILL FÖRSKOLAN

ሕጻናት ካብ ናይ ሓደ ዓመት ዕድመ ጀሚሮም ክሳብ ትምህርቲ ዚጅምሩሉ ጊዜ፤ ኣብ መዋዕለ-ሕጻናት (ቅድመ-ትምህርት) ክኸዱ ይኽእሉ እዮም። ካብቲ ውላድካ ኣብ መዋዕለ-ሕጻናት ክጅምረሉ ዝሓሰብካዮ ጊዜ፤ ኣርባዕተ ወርሒ ኣቐዲምካ፡ ነቲ ናይ ውላድካ ምልክታ ኣቕርብ።

ኣብቶም ብኮሙን ዝመሓደሩ (ቅድመ-ትምህርቲ) መዋዕለ-ሕጻናት ምልክታ ንምቕራብ፤ ከምዚ ዚስዕብ ግበር።

ነቲ ምልክታ ተቕርበሉ ኦርኒክ፤ ካብ ”medborgarkontor” ዚበሃል ቤትጽሕፈት ኣምጺእካ ምልኣዮ። www.malmo.se

ኣብ www.malmo.se/forskola ኣቲኻ ውን ክተመልክት ትኽእል ኢኻ።

ኣብቲ መዋዕለ ሕጻናት፡ ንውላድካ ዚኸውን ነጻ ቦታ ምስ ተረኺበ ድማ፤ ብጽሑፍ ሓበሬታ ክልኣኽልካ እዩ። ነቲ ቦታ ክትረኽቦ እንተ ኼንካ ግን፤ ኣብ ውሱን ጊዜ ተቐቢልዮ ኣሎኹ ዚብል ናይ ጽሑፍ መልሲ ክትልእኽ ይግብኣካ። ኸምኡ እንተ ዘይገበርካ ግን፤ እቲ ቦታ'ቲ ንውላድካ ኣይክወሃቦን እዩ፤ እቲ ምልክታኻ ውን ክስረዝ እዩ። ቦታ ምስ ተረኺበልካ፤ ናብቶም ገንዘብ ዘኽፍሉ ኣሃዱ ቤትጽሕፈት ”Debiteringsenheten”፤ ናይቲ ዘሎካ እቶት፡ ጸብጻብ ክተመልክት ይግባእ። ከምኡ ምስ ዘይትገብር ግን፤ እቲ ዝለዓለ ዚበሃል ክፍሊት ገንዘብ ክውሰነልካ እዩ።

ኣብ ግላውያን መዋዕለ-ሕጻናት ውን ክተመልክት ትኽእል ኢኻ። እቲ ምልክታኻ ናብታ ዚምልከታ መዋዕለ-ሕጻናት ኢኻ እተእትዎ። ሓበሬታ ብዛዕባቶም ግላውያን መዋዕለ-ሕጻናት፤ ኣብዚ ዚስዕብ ኣድራሻ ኢንተርነት ክትረኽቦ ኢኻ። www.malmo.se/forskola

እተን ኮሙናውያን መዋዕለ-ሕጻናት (ቅምደ-ትምህርቲ) ዚኽፈታሉ እዋናት፤ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልታት፤ ካብ ሰኑይ-ዓርቢ፡ ካብ ሰዓት 06.15 - 17.30 እዩ። ኣድላዪ ኮይኑ ኣብ ዚርከበሉ ጊዜ ድማ ፤ እቲ ናይ ምኽፋት ሰዓታት፤ ክሳብ ሰዓት 18.30 ክናዋሕ ይኽእል'ዩ።

ኩሎም ሕጻናት፡ ካብታ 3 ዓመት ዚመልኡላ ቀውዒ ጀሚሩ፤ ኣብቲ ሓፈሻዊ መዋዕለ-ሕጻናት (ቅድመ-ትምህርቲ)፡ ን15 ሰዓታት ኣብ ሰሙን ቦታ ክረኽቡ መሰሎም'ዩ።

# ናብ መባእታዊ ቤትትምህርቲ ንምምዝጋብ

## INSKRIVNING I GRUNDSKOLAN

እቶም ኣብ መንጎ 6ን 16ን ዓመት ዕድመ ዘሎዉ ሓደስቲ ዝመጹ ቆልዑ፤ ናብቲ “**ሞዛይክ-ቤትትምህርቲ**” (Mosaikskolan) ክይዶም፤ ናይ ቤትትምህርቲ ምዝገባ ክገብሩ ይግባእ። እንተ ወሓደ ካብ ክልቲኦም ወለዲ ወይ ኣዕበይቲ፡ እቲ ሓደ ካብኣቶም፡ ምስቶም ቆልዑ ክርከብ የድሊ። ካብ 7 ክሳብ 16 ዓመት ዘሎ ናይ ትምህርቲ ዕድመ፤ ናብ መባእታዊ ቤትትምህርቲ ምኻድ፤ ብሕጊ ዘገድደካ ነገር'ዩ።

> ኣብ ጊዜ ምዝገባ፤ ቆልዓን ወለድን ወይውን እቲ *ሕጋዊ-ኣዕባይን፤* ወረቐት-መንነቶም ክርእዩ ይግባእ። ካብ ”ሚግራሾስንቨርከት” ዝተቐበልካዮ ናይ መቐመጢ-ፍቓድ ወረቐት ክተርኢ ውን ይክኣል እዩ።
>
> ትሰርሕ ወይ ትመሃር ምስ ትኸውን፤ ንውላድካ ዚኸውን ናይ ነጻ-ጊዜ መጻንሒ-ቆልዑ ቦታ ክትረክብ መሰል ኣሎካ። እዚ ዚፍቀደልካ እቲ ቆልዓ ካብ ክፍሊ-መላምዲ ጀሚሩ ክሳብ ወዲ 13 ዓመት ዚመልእ እዩ። እዚ ናይ ነጻ-ጊዜ መጻንሒ-ቆልዓ ዚኸፈተሉ ሰዓታት፤ ንግሆ ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሩ ከምኡውን ድሕሪ-ቐትሪ ትምህርቲ ብድሕሪ ምውድኡን እዩ። ንውላድካ ኣብ ናይ ነጻ-ጊዜ መጻንሒ-ቆልዓ ቦታ ንምምልካት ምስ ትደሊ፤ ነቶም ናይ ውላድካ ቤትትምህርቲ ሕተቶም።

**ሞሳይክ-ቤትትምህቲ – Mosaikskolan**

| | |
|---|---|
| *ኣድራሻ፡-* | Rönnblomsgatan 6 A |
| *ቴሌፎን፡-* | 0729 - 814121 |
| *ሰዓታት ቴሌፎን፡-* | ሰኑይ - ዓርቢ፡ ሰዓት 08:00 - 09:00 |

*ንምዝገባ ዚ ኸፈተሉ ሰዓታት፡-* ሰሉስ፡ ረቡዕን ሓሙስን፡ ሰዓት 09:00 - 13:00

## ምዝገባ ንመላለዩ-ቋንቋ ፕሮግራም

## INSKRIVNING I SPRÅKINTRODUKTION

ሓድሽ ዝመጻእካ ኣብ መንጎ ወዲ 16ን 20 ዓመትን ምስ ትኸውን፤ ኣብቲ መላለዩ-ቋንቋ ፕሮግራም ክትሳተፍ ትኽእል ኢኻ። ኣብኡ ድማ፡ መታን ናብ ጂምናስዩም ቤትትምህርቲ ወይ ካልእ ትምህርቲ ንምቕጻል ክትክእል፤ ቋንቋ ሽወደን ክትመሃር ኢኻ።

**ንምዝገባ፡ በዚ ዚስዕብ ኣገባብ ርከብ ግበር፡-**


Peggy Thornström<br>
ቤትትምህርቲ፡- Värnhemsskolan<br>
ኣድራሻ፡- Kungsgatan 44<br>
ቴሌፎን፡- 076-6076912<br>
ሰዓታት ቴሌፎን፡-10.00 - 11.00<br>
peggy.thornstrom@malmo.se

## ቤትስልጣን ሚግራሾንስቨርክ - MIGRATIONSVERK

”ሚግራሾንስቨርከት”፡ ነቲ ሰባት ኣብ ሽወደን ንምቕማጥ ወይ ናብ ሽወደን ንምብጻሕ ወይ ዜግነት ንምቕባል ወይ ብሓሳረ-መከራ ምኽንያት ዑቕባ ንምሕታት ዘቕርብዎም ምልከታታት፤ ኣጽኒዑ ውሳኔ ዚህብ መንግስታዊ ቤትስልጣን እዩ።

ኣብ ሚግራሾንስቨርከት ናይዞም ዚስዕቡ ሓገዛት ክትረክብ ይክኣል፡-

- ናይ መቐመጢ-ፍቓድካ ንምንዋሕ
- ናይ ምቕማጥካ መሰል ንምምዝጋብ
- ናይ ሽወደን ዜግነት ንምርካብ
- መጋየሺ-ዶኩመንት ንምርካብ
- ናይ ባዕዳውያን-ፓስፖርት ንምርካብ
- ናይ ምብጻሕ-ፍቓድካ ንምንዋሕ

### ቤትስልጣን ሚግራሾንስቨርከት - Migrationsverket

| | |
|---|---|
| ኣድራሻ፡- | Agnesfridsvägen 111 |
| ቴሌፎን፡- | 0771-235 235 |
| ሰዓታት ቴሌፎን፡- | Måndag-fredag 08:00-16:00 |
| ዚኽፈተሉ ሰዓታት፡- | Måndag-fredag 09:00-15:00 |
| ኣብዚ ብዚያዳ ኣንብብ፡- | www.migrationsverket.se |

# ክንክን-ሕማም - SJUKVÅRD

ኩሎም እቶም ኣብ ሃገር ሽወደን ዚቕመጡን ኣብ ህዝባዊ-መዝገብ ዝተጻሕፉን ሰባት፤ ክንክን-ሕማም ክረኽቡ መሰል ኣሎዎም። ክንክን-ሕማም ዘድልየካ ምስ ዚኸውን፤ ብቐዳምነት ምስቲ ናይ ሰፈርካ ማእከል-ጥዕና (vårdcentral) ርክብ ግበር።

እንተ ሓሚምካን ገለ ሕቶታት ምስ ዚህልወካን፤ ናብቲ ”ሓበሬታ ክንክን-ሕማም” (sjukvårdsupplysningen) ክትድውል ትኽእል ኢኻ። ኣብኡ ድማ፤ ምስ ሓንቲ ኣማኻሪት ነርስ ክትዛረብ ኢኻ። ናብቲ ዚምልከቶ መቐበሊ ክንክን-ሕሙማት ድማ ክትልእከካ እያ።

ኣብ ኣስጋኢ ሕማም ወይ ኣብ ጊዜ ሓደጋ፤ ናብቲ መቐበሊ ሕጹጽ-ሕማማት ”Akutmottagningen” ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ቅድሚ ምኻድካ ግን ናብ 1177 እንተ ደውልካ፤ ናብቲ መቐበሊ ህጹጽ-ሕማማት ምኻድ ዘድልየካ እንተ ዀይኑ ንምርግጋጽ፤ ምኽሪ ክትረክብ ኢኻ። ኣዝዩ ኣስጋኢ ኩነታት እንተ ተፈጢሩ፤ ”ኣምቡላንስ” ምውሳድ ዘድልየካ ምስ ዚኸውን፡ ናብ 112 ደውል።

ኣብዚ፡ [www.1177.se](http://www.1177.se) ብዙሕ ናይ ክንክን-ሕማም ሓበሬታ ናይ ”ስኮነ” (Skåne) ክትረክብ ኢኻ። ኣብኡ ድማ፡ ኣየኖት ናይ ጥዕና-ማእከል ክትመርጽ ከም ትኽእልን፤ ናይ ነንበይኑ ሕማማት ሓበሬታን ክትረክብ ኢኻ። ብዛዕባ ኣብቲ ትካላት ክንክን-ሕማም ዘሎካ መሰላት ወዘተ ውን፤ ኣብኡ ኣሎካ።

ናይ ተርጓማይ ሓገዝ ዘድልየካ ምስ ዚኸውን፤ እቲ ክንክን-ሕማም ባዕሉ ክእዝዘልካ እዩ። ናይ ተርጓማይ ሓገዝ ብነጻ ክትረክብ መሰል ኣሎካ። ኩሎም ክሳብ 6 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ፤ ምስ ናይ ቆልዑ ጥዕና-ማእከል (barnavårdscentral) ርክብ ክህልዎም ይግባእ እዩ። ኣብዚ ቦታ'ዚ ድማ ናይ ሕጻናት ናይ ጥዕና ምቁጽጻር ከምኡውን ክትባት ይግበረሎም እዩ። ብዛዕባ ናይ ውላድካ ምዕባለ ዚምልከት ምኽርታት ውን፤ ኣብዚ ክትረክብ ኢኻ።

ነፍሰ-ጾር ዝኾና ኣንስቲ፤ ናይ ገዛእ ርእሰንን ናይቲ ጠኒሰንኦ ዘሎዋ ሕጻንን ናይ ጥዕና ምቁጽጻር፤ ኣብቲ ናይ **ኣዋለድቲ ማእከል-ጥዕና** (barnmorskemottagning) ክረኽባ ይኽእላ እየን። ኣብዚ ቦታ'ዚ ውን ብዛዕባ ናይ ስጋዊ-ርክባት ጥዕናኺ ምኽሪ ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ። እተን ኣዋለድቲ ናይ ጥዕና-ማእከል፤ ”**ቀጥታዊ-ስልኪ ንኣዋለድቲ**” (Barnmorska direkt) ዚጽዋዕ፤ ናይ ሓባር ቁጽሪ ስልኪ ኣሎወን። ኣብዚ ዚቕጽል ነቲ ናይ ርክብ ሓበሬታታት ርአይዎ።

ምስ ሓኪም ክትራኸብ ከሎኻ፤ ብዙሕ ጊዜ ገንዘብ ትኸፍል ኢኻ። ነቲ ኩሉ ገንዘብ ዝኸፍልካሉ ቅብሊታት ድማ፤ ኣብ ሓንቲ “*högkostnadskort*”፡ ናይ ልዑል-ወጻኢታት ካርድ ትብል ወረቐት፡ ኣብኡ ኣከቦ። እቲ ዝበዝሐ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ክትከፍሎ ዘድልየካ ብዝሒ ገዝዘብ 1100፡- ክሮኖር እዩ። ኣብ ናይ ሓኪም ቆጸራኻ ምስ ትበኵር ግን፤ ዕጽፊ ገንዘብ ኢኻ ትኸፍል። እዚ ክፍሊት'ዚ ድማ፤ ኣብቲ ናይ ልዑል-ወጻኢታት ካርድ (högkostnadskortet) ኣይምዝገብን እዩ። ናብቲ ናይ ሓኪም ቆጸራኻ ንምምጻእ ከም ትጸገም እንተ ፈሊጥካ፤ ቅድሚ 24 ሰዓታት ነቲ ቆጸራኻ ክትስርዞ ይግባእ።

## ክንክን-ሕማም - Sjukvård

| | |
|---|---|
| ሓበሬታ ክንክን-ሕማም | ቁጽሪ ቴሌፎን፡- 1177 |
| መቐበሊ ሕጹጽ-ሕማማት | ኣድራሻ፡- Ruth Lindskogs gata 5 |
| ኣዝዩ ድንገተኛ ሕማም | ቴሌፎን፡- 112 |
| ቀጥታዊ-ስልኪ ንኣዋለድቲ፡- | ቁጽሪ ቴሌፎን፡- 040-33 33 00 |
| ብዚያዳ ኣንብብ፡- | [www.1177.se](http://www.1177.se) |

# ክንክን-ስኒ - TANDVÅRD

ናብ ግላዊ ክንክን-ስኒ ወይ ናብቲ *ህዝባዊ ክንክን-ስኒ* (*Folktandvården*) ንምኻድ፤ ባዕልኻ ኢኻ ትውስን። ዓበይቲ ነቲ ንሕክምና ስኒ ዚግበር ዓቢ ክፋል ናይ ገንዘብ፤ ባዕላቶም እዮም ዚኸፍልዎ። ገለ ክፋል ናቱ ግን፤ ምዝጉብ ኄንካ እንተ ደኣ ጸኒሕካ፤ *ብቤትስልጣን ውሕስነት-ካሳ* (*Försäkringskassan*) ይኽፈለልካ እዩ።

እቶም ትሕቲ 20 ዓመት ዝዕድሚኦም መንእሰያት፤ ነጻ ናይ ክንክን-ስኒ ሕክምና ይረኽቡ እዮም። ካብ ደቂ -ሰለስተ ዓመት ጀሚሮም ድማ፤ ተኸታታሊ ናይ ስኒ ክንክን-ሕክምና ይግበረሎም እዩ። ውላድካ ቃንዛ-ስኒ ምስ ዚህልዎ፤ ንውላድካ ባዕልኻ ቆጸራ ክትሕዘሉ ትኽእል ኢኻ።

ንህጹጽ ዝኾነ ቃንዛ-ስኒ ሕክምና ምስ ዘድልየካ፤ ምስቲ ልሙድ ዝኾነ ናይ ስኒ ሓኪምካ ርክብ ግበር። ኣብ ጊዜ ምሸትን በዓላትን ግን፤ ናብ ስልኪ ቁጽሪ ስልኪ 1177 ደዊልካ፤ ተረኛ ሓኪም-ስኒ ኣበይ ከም ዚርከብ፤ ሓበሬታ ሕተት።

ኣብዚ ብዝያዳ ኣንብብ፡-www.1177.se/Skane/Tema/Tander/

## መቐመጢ-ገዛ - BOSTAD

ኣብ ማልሞ፡ ”Boplats Syd” ዚበሃል ቤትስልጣን መራኸብቲ-ገዛ ኣሎ። ገዛ ንምርካብ ኣብኡ ተመዝጊብካ ኣብ መስርዕ ትጽበ። እዚ ቤስልጣንዚ ድማ፡ ከከም ቅደም-ተኸተሉ ንሰባት ገዛውቲ የራኽብ። ንስኻ ተመዝጊብካ ዝነውሐ ጊዜ ኣብቲ መስርዕ ምስ ትጸንሕ፤ ገዛ ናይ ምርካብ ዝዓበየ ዕድል ኣሎካ።

ኣብቲ ናይ ”Boplats syds” ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ኣቲኻ ወይ ኣብቲ ቤትጽሕፈቶም ኬድካ ክትምዝገብ ትኽእል ኢኻ። ተመዝጊባ ኣብቲ መስርዕ ንምጽናሕ፤ ኣብ ዓመት 300 ክሮኖር የኽፍል እዩ።

ገዛ ንምርካብ ምስ ግላውያን ወነንቲ-ኣባይቲ ብቐጥታ ርክብ ብምግባር ውን ክተመልከት ትኽእል ኢኻ። ግላውያን ትካላት መራኸብቲ-ገዛ፤ ነናይ ርእሶም ዝኾነ ናይ ክራይን ናይ ምዝገባ መስርዕን ኣጋባባት ኣሎዎም።

### መራኸብቲ-ገዛውቲ ደቡብ - Boplats syd

| | |
|---|---|
| ኣድራሻ፡- | Lejonetpassagen, Stortorget 8 |
| ሰዓታት ሰራሕ፡- | ሰኑይ-ሓሙስ 09:00-12:00 ከምኡውን 13:00-15:00<br>ዓርቢ 09:00-12:00 |
| ቁጽሪ ቴሌፎን፡- | 040-34 24 50 |
| ብዝያዳ ኣብዚ ኣንብብ፡- | www.boplatssyd.se |

## ተወሳኺ ሓበሬታ

**www.informationsverige.se**

ኣብዚ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ'ዚ፣ ንሓደስቲ መጻእተኛታትን ንስደተኛታትን ዝኸውን፣ ብዙሕ ብዛዕባ ሕብረተሰብ ዝተዳለወ ሓበሬታኣት፣ ብቛንቋታት ዓረብ፡ እንግሊዝ፡ ሶማልያ፡ ከምኡውን ብትግርኛ ሰፊሩ ኣሎ። ነቲ ናብ ብዙሕ ቋንቋታት ተተርጉሙ ዘሎ፣ ብዛዕባ ሽወደን ዘዘንቱ መጽሓፍ (Om Sverige) ውን፣ ካብዚ ዚስዕብ ኣድራሻ ኢንተርነት ክትቀድሖ ትኽእል ኢኻ።

www.informationsverige.se/Svenska/Samhalle/Sidor/Boken-Om-Sverige-på-flera-språk.aspx

**www.sweden.se**

ብዛዕባ ሽወደን ዝተዳለወ ጽሑፋት፡- ብቛንቋታት እንግሊዝ፡ ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ ስጳኛ፡ ሩስያ፡ ቻይናን፡ ብዓረብኛን ኣሎ።

**www.dinsakerhet.se**

ሓደጋታት ብኸመይ ከም ትከላኸል፣ ሽግር ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ውን፣ እንታይ ክትገብር ከም እትኽእል፡ ሓበሬታ ተጻሒፉ ኣሎ። እዚ ሓበሬታ'ዚ ብ66ን ቋንቋታት ተዳልዩ ይርከብ!

**www.8sidor.se**

ዜና ብቐሊል ቋንቋ ሽወደን

**http://sverigesradio.se/International**

ዜናታት ብነንበይኑ ቋንቋታት።

**www.malmo.se**

ሓበሬታ ብዛዕባ ከተማ ማልመ

# መዝገበ-ቃላት

**ህዛባዊ-መዝገብ Folkbokföring**
ህዛባዊ መዝገብ ዚበሃል፡ ምዝገባ ናይቲ ንስኻ እትቕመጠሉ ኣድራሻ እዩ። ብዙሓት ነቶም ዘሎዉኻ ብዙሓት መሰላትን ግዴታትን ዚውስን፤ ኣብ ህዝባዊ መዝገብ **እንተ** ተምዝጊብካን **ኣበይ** ከም እትቕመጥን እዩ።

**ህዛባዊ ክንክን-ስኒ Folktandvården**
ህዝባዊ ክንክን-ስኒ ዚጽዋዕ እቲ ብሓልዮት መንግስታዊ ሕዝባዊ ምምሕዳር ዚካየድ ዓይነት ክንክን-ሕማም እዩ። እቲ ካልእ ዓይነት ክንክን-ስኒ ድማ ብግላውያን ትካላት ዚመሓደር ኣማራጺ እዩ።

**ናይ ልደት ምስክር-ወረቐት Födelsebevis**
ናይ ልደት ምስክር-ወረቐት ኣበይን መዓስን ከም ዝተወልድካ፤ ከምኡውን ወለድኻ መን ምዃኖም ዚሕበር ምስክር ወረቐት እዩ።

**ቤትስልጣን ውሕስነት-ካሳ Försäkringskassan**
እቲ ውሕስነት-ካሳ ዚበሃል ቤትስልጣን፤ ናይቲ ውሕስነታዊ ስርዓት ሓላፍነት ዘሎዎ ቤትስልጣን እዩ። እዚ ቤትስልጣን'ዚ ንብዙሓት ካብቶም ክወሃቡኻ ዚኽእሉ ቁጠባዊ ሓገዛት፤ ንኣብነት ንሓገዛት ናይ ወለዲ-ቆልዑን ሕሙማትን ዘተግብር ቤትስልጣን እዩ።

**ናይ ልዑል-ወጻኢታት ካርድ Högkostnadskort**
እዚ ናይ ልዑል ወጻኢታት ካርድ ዚበሃል፤ ንስኻ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ካብ 1100 ክሮኖር ንላዕሊ ንመርኣዪ ሓኪም ንኸይትኸፍል ዚገብር ኣገባብ እዩ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ እትገብሮ ናይ ሓኪም ቀጸራ እትኸፍሎ ገንዘብ፤ ኣብታ ናይ ልዑል-ወጻኢ ካርድ ማሕተም እናተሃርሞ ትይውህለል። ብድምር 1100 ክሮኖር ምስ ከፈልካ፤ ነጻ ናይ ክንክን-ሕማም መርኣዪ ካርድ ነቲ ዓመት'ቲ ይወሃበካ።

**ቤትስልጣን ጡረታ Pensionsmyndigheten**
ቤትስልጣን ጡረታ (Pensionsmyndigheten) ዚበሃል፤ ነቲ ስርሕ ኔርካ ብዕድሜኻ ምኽንያት ጥሮታ ምስ ወጻእካ ዚኽፈለካ ገንዘብ ዘመሓድር ቤትስልጣን እዩ።

**ቤትስልጣን ግብሪ Skatteverket**
እዚ ቤትስልጣን ግብሪ ዚበሃል፤ እቲ ኩሉ ኣብ ሽወደን ዚነብር ሕዝቢ ዚኸፍሎ ኣታዊ ግብሪ ዘመሓድር ቤትስልጣን እዩ። ካልእ ዘመሓድርዎ ጉዳያት ድማ፤ ህዝባዊ-ምዝገባን፤ ናይ ሽወደን መንነት-ወረቐት ምድላውን እዩ።

**ናይ ቃል ኪዳን ምስክርነት ወረቐት Äktenskapsbevis**
እዚ ሰነድ'ዚ ቃል ኪዳን ከም ዝኣሰርካ ዘረጋግጽ ምስክር-ወረቐት እዩ።

**ወላዲ ወይ ሕጋዊ ቆልዓ ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ዘሎዎ ሰብ Vårdnadshavare**
ወላዲ ወይ ሕጋዊ ቆልዓ ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ዘሎዎ ሰብ ዚበሃል፤ እቲ/እቶም ብሕጊ መሰረት ናይ ቆልዓ ናይ ምዕፋይ ሓላፍነት ዘሎዎም ሰባት ማለት'ዩ። እቲ ብዙሕ ጊዜ እቶም ወለዲ እዮ ዚኾኑ፤ እንተኾነ ግን እቶም ወለዲ ነቲ ውላዶም ክኣልይዎ ምስ ዘይክእሉ፤ ካልእ ዚኣልዮ ሰብ ኪምዘዘሉ ይኽእል እዩ።